Tigrinya | ትግርኛ

ናይ ነዋሕቲ ፓላሶታት ዳግም ህንጻት

# ናይ ማሕበረሰብ ጋዜጣ

ሕዳር 2024





**ኣብዛ ሕታም እዚኣ ብዛዕባ እቲ ኣብ ጎደና ቪክቶርያ፣ ፍለሚንግተን ከምኡ እውን ጎደና ኣቦትስፎርድ፣ ኖርዝ መልበርን ዝርከብ ሓደስቲ ኣባይቲ ንምድላው ዝገበርናዮ መደባት ኣንብብ። ንተኻረይቲ እቲ ኣብ ኖርዝ መልበርንን ፍለሚንግተንን ዝርከብ ነዋሕቲ ፓላሶታት እንዳሓገዙ ካብ ዝርከቡ ናይ ምግዓዝ ሰራሕተኛታትን ሓደ ንዝኾነ ክሪስ እውን ፍለጦ።**

*እቲ ኣብ ጎደና ቪክቶርያ፣ ፍለሚንግተን ዝተዛዘመ ሓድሽ ኣባይቲ ካብ ውሽጢ ርአ።*

## ናብ ጎዳና ቪክቶርያ፣ ፍለሚንግተን ዝግዕዙ ተኻረይቲ

ተኻረይቲ ድሮ ናብቲ ኣብ ፍለሚንግተን ዝርከብ ሓድሽ ኣባይቶም ክግዕዙ ጀሚሮም ኣለዉ።

ዳግም ህንጸት እቲ ኣብ ጐደና ቪክቶርያ ዝነበረ መንበሪ ኣባይቲ 359 ሓደስቲ ኣባይቲ ኣምጺኡ ኣሎ፣ ካብዚ ድማ 240 ሓደስቲ ማሕበራዊ ኣባይቲ ከምኡውን 119 ዝተመጣጠነ ዋጋ ክራይ ዘለዎ ኣባይቲ ይርከብ።

እቲ 1, 2, 3ን 4 መደቀሲ ዘለዎ ኣባይቲ ዘመናውን ጸዓት ዝቔጻጸርን ብምኳኑ ንተቐማጦ ዝያዳ ምሹእ ይገብሮ።

እዚ ሓድሽ ኣባይቲ እዚ በቲ ሓድሽ ናይ ግራውንድ ክራይ ሞዴል (Ground Lease Model) ኣቢሉ ስለ ዝተሰርሐ ኣብቲ ቦታ እቲ ነቲ ንዕላማ ዘይበቕዕ ዝኣረገ መንበሪ ኣባይቲ ተኪኡ ከምኡውን ኣብ ማሕበራዊ ኣባይቲ 21 ሚእታዊት ወሰኽ ኣምጺኡ ኣሎ።

እቲ ዝተመሓየሸ ቀጽሪ ዝሓሸ ናይ ኣጋር ኰነ ብሽክለታ መገዲታት፣ ናይ ኣፍ ደገ መናፈሻ ከምኡውን ማሕበረሰብ ፍለሚንግተን ዘስተማቕሮ ናይ ቈልዑ ተፈጥሮኣዊ መጻወቲ ቦታ ዝሓቘፈ ዝሓሸ መራኸቢታት ዝፈጥር ኢዩ።

ልዕሊ 50 ዝኾኑ ተኻረይቲ ናብ ጐደና ቪክቶርያ ተመሊሶም ኣብ መወዳእታ ወርሒ ለካቲት ኣብቲ ሓደስቲ ኣባይቶም ክቕመጡ እዮም።

እቲ ዝተረፈ ኣባይቲ በቲ ናይ ቪክቶርያ መዝገብ መንበሪ ኣባይቲ መሰረት ክዕደል እዩ፣ ከምኡውን ካብ ፍለሚንግቶን ዝገዓዙ ተኻረይትን፣ ካልኦት ማሕበራዊ ኣባይትን ዋግኦም ዝተመጣጠነ ኣባይትን ዘድልዮም ስድራ ቤታትን ኣብዚ ሓድሽ ምዕባለ እዚ ኣጋጣሚታት ክረኽቡ እዮም።

# ኣብ ኖርዝ መልበርን ተወሳኺ ሓደስቲ ኣባይቲ

ኣብ ኖርዝ መልበርን ጥቓ ድኳናትን መጓዓዝያን ኣገልግሎትን ዝርከብ 127 ዘመናውን ጸዓት ዝቈጻጸርን ብቐሊሉ ዝርከብን ሓደስቲ ማሕበራዊ ኣባይቲ ኽንውድእ ቀሪብና ኣለና።

ብዘይካዚ እቲ ቦታ ሓድሽ ህዝባዊ ቦታን ምስ ስራሕን ምስ ኣገልግሎት ማሕበረሰብን ምስ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ ኖርዝ መልበርን ዝተሓሓዝ ርክባትን ከጠቓልል እዩ።

ሃውሲንግፈረስት (HousingFirst) ነቶም ኣብ መጻኢ ተቐማጦ ክኾኑ ዝኽእሉ ሰባት ኣብቲ ቦታ ዑደት ክገብረሎም ምድላዋት ዝገብር ናይ ማሕበረሰብ መንበሪ መቕረቢ ኢዩ።




## ኣብ ኖርዝ መልበርን ዝርከብ ናይ ማሕበረሰብ ባርቢኪው

ከም ክፍሊ ናይቲ ፓቪንግ ዘ ዌይ ፎርዋርድ ዝበሃል ተበግሶ ኰይኑ ኣብ መወዳእታ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ምስ ናይ ኖርዝ መልበርን ቋንቋን ትምህርቲን ብምትሕብባር ናይ ማሕበረሰብ ባርበኪው ተገይሩ። እዚ ኣጋጣሚ እዚ ነበርቲ ኖርዝ መልበርን ፍለሚንግቶንን ምስ ጐረባብቶምን ምስ ኣቕረብቲ አገልግሎት ማሕበረሰብን ንምርኻብ አጋጣሚ ፈጢሩ። ኣብ ርእሲ እቲ ጽቡቕ ኩነታት ኣየር ብዙሓት ተቐማጦን ኣቕረብቲ ኣገልግሎትን በቲ ዝድነቕ ምግብን ቡንን እናተሓጐሱ ንማሕበረሰብ ብሓባር ዝድግፉሉ መገድታት ተመያይጦም።



*ብኣንጻሩ፦ ተኻረይቲ ነቲ ኣብ ኖርዝ መልበርን ዝተገብረ ናይ ማሕበረሰብ ባርበኪው የስተማቕርዎ*



# ናይ ማሕበረሰብ ስነ - ምግባርን ስርዓታትን ምምዕባል

ነቲ እቶም ኣብ ነዋሕቲ ፓላሶታት ዘሎ ኣባይቲ ዝነብሩ ተኻረይቲ ዘሕለፍዎ ተመክሮ ምእንቲ ኽንሰምዖን ኽንጥቀመሉን ብኸመይ ከም እንረዳዳእን ምስ ተኻረይቲ ብኸመይ ከም እንተሓባበርን ንምምራሕ ናይ ማሕበረሰብ ስነ-ምግባራዊ ስርዓታትን ነዳሉ ኣለና።

ናይ ማሕበረሰብ ስነ - ምግባራዊ ስርዓታት ብኽልተ ብርኪ ወይ ደረጃ ኢዩ ዝምዕብል ዘሎ፦

**ደረጃ 1፦** ኣቐዲምካ ምሕባር (ኣብ ታሕሳስ 2023 እተገብረ)

**ካልኣይ ደረጃ፦** ናይ ተኻረይቲ ምሕባር (ኣብ መፋርቕ 2024 ዝኸውን)

ኣብ ታሕሳስ ኣብ ሰይንት ኪልዳ፣ ሳውዝ መልበርን ሆረስ ፔቲ፣ ፕራሃን፣ ዊንድሶር፣ ሪችመንድ፣ ብራንስዊክ፣ ኮሊንግዉድን ካርልተንን ንዝነበሩ ትሽዓተ ጕጅለታት ተኻረይቲ ኣዘራሪብናዮም፣ እዚኦም ድማ ግልጽነት፣ ምክብባርን ብሓቂ ምሕባርን ኣገዳሲ ምዃኑ ነገሩና። እዚ ስነ-ምግባራዊ ስርዓታት እዚ ንዓኹም ኣገዳሲ ምዃኑ ንፈልጥ ኢና፣ ሕጂ ኸኣ ነዚ ርእይቶ እዚ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ምስ ብምሉኦም ማሕበረሰብ ተኻረይቲ ንድፊ ስነ-ምግባራዊ ስርዓታትን ንምቕራጽ ንጥቀመሉ ኣሎና።



ሓለቓ ምግዓዝ፣ ክሪስቶፈር ቱዊሎማ

## ምስ ሓለቓ ምግዓዝ ክሪስቶፈር ተራኸብ

**ኣብዚ ስራሕ እዚ ኽንደይ ዓመት ሰሪሕካ ኣሎኻ?**

ካብ ታሕሳስ 2015 ኣትሒዘ ምስ ተኻረይቲ ህዝባዊ ኣባይቲ ቪክቶርያ ሰሪሐ ኣለኹ፣ ካብ ታሕሳስ 2022 ኣትሒዘ ድማ ምስ ሆምስ ቪክቶርያ ሓለቓ ምግዓዝ ኮይነ ይሰርሕ ኣለኹ።

**ብዛዕባ ስራሕካ ልዕሊ ኹሉ እትፈትዎ እንታይ እዩ?**

ሰባት ድሕንነቱ ዝተሓለወን ምቹእን ኣባይቲ ንኽረኽቡ ብምሕጋዝ ኣብ ህይወት ሰባት ኣወንታዊ ጽልዋ ኽገብር ምኽኣለይ ኣዝዩ ዘሐጕስ ኵይኑ ኢየ ረኺበዮ። ንውልቀ-ሰባትን ንስድራ ቤታትን 'ቤትና' ኢሎም ዝጽውዕዎ ቦታ ኣብ ምርካብ ክሕግዞም ምኽኣለይ ዓብዪ ዕግበት እዩ ዘምጽኣለይ።

**ሓለቓ ምግዓዝ ኽትከውን ዝወሰንካ ስለምንታይ ኢዩ?**

ናብ ካልእ ቦታ ምግዓዝ ኣብ ዝበለጸ እዋን እውን እንተ ኾነ በዳሂ ክኸውን ከም ዝኽእል ይፈልጥ እየ፣ ስለዚ ሓደ ኻብቲ ሓለቓ ምግዓዝ ንኽኸውን ዝሰሓበኒ ነገር ቅድሚ ምግዓዞምን፣ ኣብ እዋን ምግዓዝን፣ ድሕሪኡን ንሰባት ምድጋፍ እዩ።

**ምስማዕን ንሰባት ምድንጋጽን ኣብቲ ስራሕካ ክሳዕ ክንደይ ኣገዳሲ እዩ?**

ንታሪኽ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ምርዳእን ምኽባርን ዘለዎ ኣገዳስነት ኣጸቢቐ ኢየ ዝኣምን። ነቲ ተኻረይቲ ዘተሓሳስቦምን ነቲ ዘካፍሉኻ ነገራት ምስማዕን ምላሽ ምሃብን፣ ኣብ ብምሉኡ እቲ ናይ ምግዓዝ መስርሕ ድማ ምሳታቶም ክትጽመድ ከለኻ ልዕሊ ኹሉ ኣገዳሲ እዩ።




# እዋናዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ናብ ካልእ ቦታ ምግዓዝ

### ፍለሚንግተንን ኖርዝ መልበርንን

እታ ናብ ካልእ ቦታ እተግዕዝ ጕጅለ ድሌቶምን፣ ምርጫታቶምን፣ ማሕበራዊ ርክባቶምን ንምርዳእ ምስ ልዕሊ 94 ሚእታዊ ስድራ ቤታት ተራኺባ እያ። አባላት እታ ናብ ካልእ ቦታ እተግዕዝ ጕጅለ ነቲ ዘለዎም ምርዳእ ተጠቒሞም ንነፍሲ ወከፍ ስድራ ቤት ዝኸውን ሓድሽ ቤት ክረኽቡ እዮም። ነቶም ምስታ ናብ ካልእ ቦታ እተግዕዝ ጕጅለ ዝተራኸቡ ከምኡውን ከም ድሌቶምን ምርጫኦምን ኣብ ከባቢኦም ወይ ኣብ ካልእ ቦታታት ዘሎ ቀረበት ንኽረኽቡ ፍቓደኛታት ዝኾኑ ተኻረይቲ ናይ መንበሪ ኣጋጣሚታት ቀረብ ክጅምር እዩ። ናብ ካልእ ቦታ ዝግዕዙ ተኻረይቲ ክልተ ኣጋጣሚታት ክወሃቦም እዩ፣ ከምኡውን እቲ ዳግመ ህንጸት ምስ ተዛዘመ ናብቲ ቦታ ናይ ምምላስ መሰል ኣለዎም። እዚ መሰል እዚ ተኻረይቲ ነቲ ኣብቲ ቦታ ዝርከብ ማሕበራዊ ኣባይቲ ኣብ ግምት ከእትውዎን ዘድልዮም ነገራት ዘማልኣሎም እንተ ኾይኑ ኽውስኑን ኣጋጣሚ ኽም ዝረኽቡ የረጋግጽ።

### ካልኦት ኣብ ነዋሕቲ ፓላሶታት ዝነብሩ ስድራ ቤታት

ነቶም ሕጂ ናብ ካልእ ቦታ ኽግዕዙ ዘየድልዮም ስድራ ቤታት ምኽርን ደገፍን ንምሃብ ንመጣጠር ኣለና። እትግዕዝሉ ግዜ ምስ ኣኸለ፣ ነዚ ዝስዕብ ክድግፈኩም ዝኽእል ኣገልግሎታት ዘክሩ፦

- እታ ናብ ካልእ ቦታ እተግዕዝ ጕጅለ እንተላይ እቶም ከም ክሪስቶፈር ዝኣመሰሉ ሰበ ስልጣን ውልቃዊ ደገፍ ክህቡኻ እዮም።
- ናይ አስተርጓሚን ትርጉምን ኣገልግሎት ክድግፉኻ ይኽእሉ እዮም።
- ንዓኻ ክሕግዙኻ ምስዝኽእሉ ናይ ደግፍን ሕጋዊ ኣገልግሎታትን ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ።
- ናብ ካልእ ቦታ ኣብ ምግዓዝ ዝሕግዙ ሰራሕተኛታትና ከምኡውን ንዝኾነ ይኹን ሕቶታት ንምምላስን ሓጋዚ ሓበሬታ ንምሃብን ስሩዕ ናይ ሓበሬታ ክፍለ ግዜ ኣሎ።
- ሆምስ ቪክቶርያ ነቲ ኩሉ ኣብ ምግዓዝ ዝግበር ሚዛናዊ ወጻኢታት ክትሸፍን እያ፣ ገለ ኻብዚ ኸኣ ንብረት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ምግዓዝ፣ አቑሑ ምዕሻግ፣ ከም ናይ ኤለክትሪክ፣ ጋዝ፣ ኢንተርነት፣ ተለፎን ምርኻብ ከምኡውን ናይ ጾስጣ ኽፍሊት ዘጠቓልል እዩ።



## ቀጻሊ ምክንኻንን ጽገናን

ህጹጽ ጽገና እንተ ደሊኻ በጃኻ ብ **13 11 72** ናብ ማእከል ኣባይቲ ደውል ወይ ናብ ዝስዕብ ብጻሕ፦

housing.vic.gov.au/repairs

## ሕቶ አለካዶ?

ኣብቲ ቐጺሉ ዘሎ ናይ ፓላሶኻ ሓበሬታ ፕሮግራም ሕበረና።

ብዛዕባ እቲ ዝመጽእ ሓበሬታ ዝገልጽ ፖስተራት እንተ ደሊኻ ነቲ ኣብ ህንጻኻ መእተዊ ዘሎ ቦታ ርአ።

## ዝያዳ ሓበሬታ

ገለ ሕቶታት እንተ ሃልዩካ በጃኻ ምስ ናይ ከባቢኻ ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ተራኸብ ወይ ናብ ዝስዕብ ብጻሕ፦

homes.vic.gov.au/high-rise-victoria

ወይ ናብ enquiries@homes.vic.gov.au ኢ-መይል ግበር

### ትርጉማት




ብመንግስቲ ቪክቶርያ ዝተፈቕደን ዝተሓትመን ፣1 Treasury Place ሜልበርን። © ግዝኣት ቪክቶርያ፣ ሆምስ ቪክቶርያ (ኣመሓዳሪ ሃውሲንግ)፣ ሕዳር 2024። ብፊንስበሪ ግሪን ሜልበርን ቪክቶርያ ዝተሓትመ (HV03124)